## ዜና 10 ሓምለ 2007

## ኣብ እስራኤል ልዕሊ 200 ዝኾኑ ኤርትራውያን ተዳጕኖም ኣለዉ።

ትማሊ ካብ እስራኤል ብስልኪ ብዝመጸና ሓበሬታ መሰረት፡ኣወዳትን ኣንስትን ዝርከብኦም ልዕሊ ክልተ ሚእቲ ዝኾኑ ኤርትራውያን “ራምሌ” ኣብ እትበሃል ካብ ቴል ኣቪቭ ክባቢ 40 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ከተማ ኣብ “ምስሃዮ”ዝተባህለ ቤት ማእሰርቲ ተዳጉኖም ኣለዉ።

እቶም ደቂ 15ን 16ን ቆልዑ ዝርከቡዎምን እሱራት፡ ካብ ቅድሚ ሓሙሽተ ወርሒ ኣትሒዞም ክሳብ ሕጂ ኣብ ዘሎ ግዜ ካብ ግብጺ ናብ እስራኤል ክኣትዉ እንከለዉ ኣብ ዶብ ዝተታሕዙ ኸምዝኾኑን እቶም ምንጭታት ይሕብሩ'ለዉ።

ብዘይካ'ዚ ናይ ኤኮኖሚ ሽግር እምበር ናይ ፖለቲካ ሽግር ስለዘይብሎም ዑቕባ ኽወሃቦም ብቑዓት ኸምዘይኮኑ ከምዝተነግሮም እቶም ምንጭታት ሓቢሮም ኣለዉ።እቶም እሱራት ኣብ ትሕቲ ፖሊስ እስራኤል ኸምዘለዉን ዝኾነ ይኹን ናይ ተጣበቕቲ መሰላት ውድባት ውይውን ጋዜጠኛታት ንኽበጽሑዎም ኸምዘይካአሉን  ይገልጹ።

እቶም እሱራት ኸምዝብልዎ፡ሓደ ሓደ ምንጭታት ናብ ግብጺ ንኽጥረዙ መደባት ኸምዘሎ ኸምዝሓበሩዎምን እዚ ሓበሬታ ድማ ኣብቶም እሱራት ዓቢ ፍርሒ ፈጢሩ ኸምዘሎን ይሕብሩ፡፡

ስለዚ ይብሉ እቶም ሰባት፡ ናብ ግብጺ እነተተጠሪዞም መንግስቲ ግብጺ ናብ ኤርትራ ኽይጥርዞም ስግኣት ስለዘሎ፡ ተጣበቕቲ መሰላት ናይ ምጥራዝ ስጉምቲ ኽይተወስደ ኽሎ ንጉዳዮም ክከታተሎ ይጽውዑ'ለዉ።

## ሽዱሽተ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ብወተሃደራት ሊብያ ካብ በረኻታት ሰሃራ ተጨውየን ናበይ ከምዝኣተዋ ኣይተፈልጠን፡

ትማሊ ካብ ሊብያ ናብ ስትድዮና ብዝመጸና ናይ ስልኪ ሓበሬታ መሰረት፡ካብ ሱዳን ተበጊሰን ናብ ሊብያ ክኣትዋ ዝፈተና ሽዱሽተ ደቀንስትዮ ገና ኣብ መንገዲ እንከለዋ ብወተሃደራት ሊብያ ብሓይሊ ተወሲደን ክሳብ ሕጂ ሃለዋተን ኣይተፈልጠን።

እዚ ክፍለጥ ዝኽኣለ እቶም ምስኣን ኣብ ጉዕዞ ዝነበሩ ሕጂ ኣብ መስረታ ዝተባህለ ቤት ማሕቡስ ዝርከቡ 25 ዝኣኽሉ ኤርትራውያን ብዝሃቡና ሓበሬታ እዩ።